Coptic Orthodox Patriarchate
His Holiness Pope Tawadros II
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
The Papal Center

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
المقر البابوي

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر
Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org فاكس: 0235365880 تليفون: 024822580

*Tigrinya*

## ቃለ ቡራኬ ፓትርያርክ በእንተ በዓለ ልደት

### በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ፣ ኣሜን!

ኣብ ምጅማር ጎርጎርዮሳዊ ሓድሽ ዓመት 2019፡ እንቋዕ ናብ ክብሩ በዓለ-ልደት ጐይታና ኣብጽሓኩም እብል፣ ንኹላትኩም፡ ኣብ ኲሉ ሠናይን በረኸትን እምነየልኩም፣ ካብ መዓሙቕ ልበይ ዝፈልፈለ ሰላምታይን፡ ከምኡ'ውን ካብ ኣብያተ ቤተ ክርስቲያናት ግብጺን፡ ናብ ኲሎም ሊቃነ ጳጳሳትን፡ ኲሎም ካህናት፡ ዲያቆናት፡ ኣገልገልቲ፣ ሰበ-ሥልጣናት፡ ኣባላት ሰበኻ ጉባኤ፡ መንእሰያት፡ ከምኡ'ውን ንኹሎም ምእመናትን ምእመናንን፡ ኲሎም ሕፃናትን ንኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ፡ ኣብያተ ክርስቲያናት ቅብጢ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃ፡ እስያን ኣውስትራልያን፡ ኣብ ኲሉ ቦታታት ንዘለዉ፡ ነቶም ክቡር በዓለ-ልደት ብምብራቃዊ ዓውደ-ኣዋርሕ ምሳና ዜብዕሉ'ውን፡ ሰላምታይ እልእኽ።

ኣምላኽ ንሰብ ምስ ፈጠረ፡ ሰብ ምሉእ ንክኸውን፡ ብፍፁም ሕያውነት ንኽነብር በሃገ፣ ብኸምዚ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጸጋ መጠወ። እንተኾነ ግና ሰብ ንኃጢኣት መረጸ፡ ትእዛዝ እግዚአብሔር ጠሓሰ፡ ኣብ ጸልማትውን ነበረ። ነዚ ሰብ ዝነበሮ ጸልማት'ዚ፡ "መንፈሳዊ ጸልማት" ንብሎ። ብናጽነት፡ ፍቕርን ሕገ-ኣምላኽን ክፍሳሕ ምስ ተፈጥረ፡ ሰብ ግና ኣብ'ቲ ተስፋ ዝስእነሉን ጸልማትን ቦታ፡ ማለት ብትህኪት፡ ተስፋ ምቝራጽን ኃጢኣትን ክነብር መረጸ። ካብቲ እዋንቲ'ቲ ጀሚሩ ኸኣ፡ ኃጢኣት ናብ ሙሉእ ዓለም ተዘርግሐን ሰፈነን። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን፡ "እስመ፡ ኲሎም፡ አበሱ፡ ወጌገዩ.."-"ኲሎም ስለ ዝኃጥኡን ካብ ክብሪ ኣምላኽ ስለ ዝረኃቑን፡" ይብል። (ሮሜ 3፡23) ምስ ምውዳቕ ሰብ፡ ተፈጥሮ ነቲ ኣውራ ሕያውነት ከሰረት። ምስ ወለዶታት ቀስ ብቕስ እቲ ኣብ ሕያውነት ተሠሪቱ ዝነበረ ፍቕሪ ቐምሰለ፡ ንሰብ በረውረው ኣቢሉ ብፍቕሪ ከም ዝጠምዩውን ገበሮ። ዋላ'ኳ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ መስተራኽብ ኣመና እንተ ገስገሰ፡ ጥሜት ፍቕሪ ግና ኣብ ዓቢይ ባዶነት ንኽነብር ኣስዓበሉ።

እቲ መድኃኒትከ እንታይ እዩ?

እቲ መድኃኒት ፍቕሪ እዩ- እወ! ንገለ፡ ካብ ፍቕሪ ገዛእ ርእሱ፡ ፍቕሪ ከም ብሓድሽ ክተኽለሉ ኽመጽእ። ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ "እስመ፡ ከመዝ፡ አፍቀሮ፡ እግዚአብሔር፡ ለዓለም፡ እስከ፡ ወልዶ፡ ዋሕዶ …"- "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣምን ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ" ብምባል እንነቦ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ተሠገወ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ለውሃት፡ ልግስን ፍቕርን ንኽምጡ መጽአ። ዕላማ መምጺኢኡ ንሕያውነት ሰብ ደጊሙ ከሐድሶ እዩ ዝነበረ። በዚ ኸኣ፡ ብዘይካ ኣምላኽ ምሳና ምኳን ካልእ መገዲ ኣይነበረን። ስለዚ፡ ኣማኑኤል፡ "ኣምላኽ ምሳና ኲነ"። እቲ ቃል ድማ ሥጋ ብምውሳድ፡ ምሳና ነበረ።

ኣምላኽ፥ መልኣኽ፡ ሊቀ መልኣኽ፡ ነቢይ፡ ፖለቲከኛ ወይ ኣምባሳድር ኣይለኣኸን፡ እንታይ ደኣ ባዕሉ መጽአ። ንሰብ፡ ብግብሩ ወይ ብቓሉ ዘይኲነስ፡ ኣምላኽ ብሓቂ ስለ ዘፍቀሮ መጽአ። ነፍሲ ወከፍ ዓመት ልደት ከነኽብር ከሎና፡ ከምቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ኪዳን ዝሕደስ፣ እዚ ፍጻሜ'ዚ ብፍቕሩ ንዝመጸ ኣምላኽ፡ ንኹሉ ፍቕሩ ብምሃብ ይሕደስ።

ኣብ’ዚ ክቡር ልደት’ዚ፡ ኣምላኽ፡ ነታ ንኡሽተይ ዓዲ ቤተልሔም ከፍቅራ ንርኢ። ነታ ዓባይ ከተማ ኢየሩሳሌም ከፍቅራውን ንርኢ። ነቶም ኣብ’ታ ጽቅጥቕጥ ዝበዝኃ ዓለም ዝተረስዑ ጓሶትውን ከፍቅሮም ንርኢ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፡ ነቶም ካብ ይሁዳን ኢየሩሳሌምን ርሒቆም ዝነብሩ ሰብ ጥበብውን ከፍቅሮም ንርኢ። ንድኻን ነታ ዘኽታም ድንግልውን ኣፍቀራ። ከምኡውን ነታ መበለት ሰበይቲ፡ ነብዪት ሃናውን ኣፍቀራ። ነቲ ምሥጢረ ሥጋዌ እተዓዘበ፡ ጸራባይ ኣረጋዊ ጻድቕ ዮሴፍውን ኣፍቀሮ። ብተወሳኺ ንስምያን፡ ነቲ ክቡር ኣረጋዊ፡ ልደት ክርስቶስ ዝጽበ ዝነበረ ኣፍቀሮ። ኣምላኽ ንብምልኦም ደቂ ሰባት ስለ ዘፍቅር፡ ነቲ ባዶነት ፍቕሪ ንኽጽግቦም መጽአ። ሰብ ሕያውነቱ ምእንቲ ክሕደስ፡ ነዚ ፍቕሪ’ዚ የድልዮ ነበረ።

እምበኣርከስ፡ ኣብ ክቡር በዓል ልደት፡ ኣምላኽ ፍቕሩ ንኣኺን/ኻን ንኹሉ ሰብን ሰደደ። ነዚ ፍቕሩ ብምስዳድ፡ ብፍቅሩ ገይሩ፡ ኣምላኽ ካባኻ/ኺ ኣይረሓቕን፡ ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይረስዓካን፡ ኣምላኽ ንሰብ ከም ዘይጸልእ፣ ኣብ ክንዳኡ፡ ንኃጢኣት ሰብ እዩ ዚጸልእ፡ ንሰብ ግና የፍቅር፡ ንኹሉ ወዲ ሰብ ይእልሽ። ብምሉእ ተስፉ፡ ሓጐስ፡ ድምፂ ፍስሓ ኺመልኣካ/ኪ መጽአ። ኣምላኽ ብፍቕሩ ገይሩ፡ ንሰብ ሕያውነቱ መለሰሉ።

ስለ’ዚ ድማ፡ ኣብ ኵሉ በታታት እትነብሩ ፍቑራተይ፡ ኣብ ውሽጢ ልብኹም ዘሎ ፍቕሪ ማንም ከየቅህሞ ተጠንቀቑ። ወትሩ፡ በቲ ክርስቶስ ዚልግሰልኩም ፍቕሪ፡ ትሞቑ ምህላውኩም ኣስተውዕሉ! እዚ እንብሃሃለሉ ዘሎና ኵነት፡ ኣብ’ዛ ዓለም ዘሎዉ፡ መጠነ-ሰፊሕ ሥርዓተ መስተራኽብ፡ ኣብ ሓንቲ ንኡሽተይ ቁሸት ከም እንነብር ዘሎና የምስሎ። ብሰንኪ እናሻዕ ምጥቃም መሣርሒታት፡ ኣብ ልቢ ሰብ ዘሎ ፍቕሪ ቀሃመን ኣብ ቅድሚ ሰብ’ውን ብዙኃት ድኽመታት ተኸስቱ። ንኣብነት፡ ድኽመት ምስ ካልኦት ዘሎዎ ርክብ፡ ንኻልኦት ዘለዎ ፍቕርን ንሕይወት ዘለዎ ፍቕርን። ኣብዛ ዓለም ዘሎ ጐነጽ፡ ገበን፡ ሽብርነት፡ ስድራቤታዊ ብልሽት፡ ካልኦት ዘይሥነ-ምግባራውያን ክበዝኁ ንዕዘቦም ኣሎና። ኵሎም እዚኦም ብሰንኪ ኣብ ልቢ ሰብ ፍቕሪ ዘይምህላዉ እተኸስቱ እዮም። በዓለ ልደት ነፍሲ ወከፍና ክንመጽእን ብፍቕሪ ክንምላእን፣ ዕድልን መልእኽትን እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ትምህርቲ ኣንቀጸ ብፁዓን ከም ዝበሎ፡ “ብፁዓን፡ እለ፡ ይርኅቡ፡ ወይጸምኡ፡ ለጽድቅ፡ እስመ፡ እሙንቱ፡ ይጸግቡ -ንጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸማኡን፡ ኪጸግቡ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም” (ማቴ. 5፡6)

ፍቑራተይ! ናብ’ዚ በዓል’ዚን ፍስሓ’ዚ ክቡር ልደትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ኣብ ገነት ብምህላዎም ዚፍስሑ ንዘለዉ፡ ፍቑራት ሰማዕታትና ንዝክር፣ ነቶም ዚቖሰሉ ንዝክርን ንኽሓውዩ፡ ንሰላም ዓለም፡ ንሃገርና ግብጺ፡ ንኹሉ ሰብ፡ ንኹለን ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ንኹሉ ኣገልግሎትን ንጽሊ። ኣምላኽ ነዚ ፍስሓ’ዚ ኽምቲ መዝሙር ቅዱስ ልደት ዝበሎ፡ “ስብሓት፡ ለእግዚኣብሔር፡ በሰማያት፡ ወሰላም በምድር- ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚኣብሔር ዚሕጐሰሎም ሰብ!” ንኽሰድድ ንጽሊ። (ሉቃ.2:14)

ሰላምታይን ሠናይ ምንዮተይን ንኹላትኩም! ኣብዚ ጎርጎርዮሳዊ ሓዲስ ዓመት’ዚ፡ እተባረኹ መዓልትታት ኪኾነልኩም እምነ። ፍስሓ ልደት፡ ነዚ ሓጐስ’ዚን ፍቕርን ኣብ መንጎኹም ንዝነብሩ ማኅበረ ሰብ መታን ኬተብጽሑ፡ ኣብ ልብታትኩም ይምላእ። ኣምላኽ ሕይወትኩምን ዕዮ ኣእዳውኩምን ይባርኽ! ንኣምላኽ ሎምን ንዘለዓለምን ክብርን ስብሓትን ይኹኖ! ኣሜን!!

